## ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ነባሪ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ብሰላም ዕረፍ!!

ሞት ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገረማርያም ምስ ሰማዕኩ ብጣዕሚ ሓዚነ። ዘይሃስስ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ግና ብሰላም ዕረፍ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ። ንቤተ ሰቡን ፈተውቱን ከኣ ጽንዓት ይሃብኩም ኩብል ኩብሪ ይስምዓኒ።




1. ጸሓፊ፡ ብሪ/ ጀነራል ተኸስተ ሃይለ፡ 2. ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ግዜ ገድልን ግዜ ሓርነታዊ ቓልስን፡

ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ከም ኩሉ ሰብ'ዩ ናይ ሞት ዕጫ በጺሑዎ። ምኽንያቱ ብሕጊ ተፈጥሮና ከምታ ዝተወለድካላ፡ ሓንቲ መዓልቲ እዉን ካብዛ ዓለም ሓንሳብን ንሓዋሩን ብሞት ክትፍለ ባህርያዊ ትዕድልቲ ናይ ኩሉ ፍጡር ስለዝኾነ ። እቲ ኣገዳሲ ግና ኣብ ዓለም ብሂወት ኮለኻ ብጽቡቕ ታሪኽ ትዝከረሉ ነገራት እንተለዎ ግና፡ እቲ ሓዘን መሪር ዋላ እንተተኾነ ንታሪኹ ከብሪ ሂብካ ከተሞጉሶ፡ ንጽቡቑ ወረስካ ከኣ ኑቲ ዘይትመልሶ ነገር ግና ተቐቢልካ ኑብስኻ ኣጸናኒዕካ ጥራይ ክትከይድ ትግደድ።

ክቡር ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም፡ ካብ 1972 - 2021 ዘሎ ግዜ ከይተሓለለ ብጽንዓት ተቓሊሱ። ንሱ ቕድም ንናጽነት፡ ደሓር ከኣ ኣካል ዲክታተርያዊ ስርዓት ዋላ እንተነበረ፡ ግን ከኣ ኣካል ቕዋምን ፍትሕን ነይሩ። ምኽንያቱ ንዚጋጠሞ በደል ብልዑል ተጻዋርነት ሰጊሩዎ። ንዝተቓለሰሉ ህዝባዊ ዕላማ ብጽንዓት መኪቱዎ። ብግዝያዊ ስልጣንን ረብሓን ኣይተደለለን። ንሱ ኣባል ጉጅለ 15- ኮይኑ ነቲ ዝፈረመሉ ግን ከኣ ዝተጨውየ ቕዋም ክትግበር ተማጒቱ። ብሓፈሽኡ ከኣ ልዕልና ሕጊ ክነግስ ደሞክራስያዊ ምምሕዳር ክሰፍሕ ዝተጣበቐ ናይ ሕጊ መሁር ምኳኑ ብግብሪ ዘመስከረ ሓርበኛ እዩ። ምስቲ ዘይሕጋዊ ስርዓት ብፖለቲካዊ መርገጺኡ ምስተፈልየ ከኣ፡ ናብርኡን ስድራ ቤቱን ንምእላይ ከይሓሰበ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ንፍትሒ ተሰሊፉ። ሕድሪ መቓልስቱ ኣኽቢሩ ሽቶኡ ክወቕዕ ኢሉ ንዳግማይ ሓርነት ብትብዓትን ተወፋይነትን ዝተቓለሰ ጅግና እዩ። ንሱ 49 ዓመታት ኣብነታዊ መምህር ስለዝኾነ፡ እዚ ሓዲሽ ወለዶ ንጽንዓቱን ሓርበኝነቱን ንጽቡቕ ታሪኻዊ ክብሩ ወሪሱ ከኣ፡ ተመሊሱ ረዚን ሓላፍነት ተሰኪሙ ንፍትሒ ከቓለስ ሃገራውን ታሪኻውን ግዴታ ከምዘለዎ ይኣምን።

ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም 4 - በበይኑ መድረኻት ዘለዎ 49 ዓመታት ዘጠቓልል ናይ ሓርበኝነት ታሪኽን ሃገራዊ ኣበርከቶን ስለዘለዎ ታሪኹ ንምስናድ ኑብሱ ዝኸኣለ መጽሓፍ ከምዘድልዮ ይኣምን። ይኹንምበር ብወገነይ ገለ ካብቲ ዝፈልጦ ኣሕጺረ ከምስክረሉ ግና ሕልናዊ ዕግበት ይስምዓኒ። ኣብ ሓርነታዊ ቓልሲ ምስተጸንበረ ከኣ እቶም ናይ ቐረባ መሳርሕቱ ዝነበሩ ከገልጹዎ ጽቡቕ ይኸውን። ምኽንያቱ ዘይሕጋዊ ስርዓት ኤርትራ ብፖለቲካዊ ርኢይቶኡ ካብኡ ንዝተፈልየ ሰብ ከም ተቓዋማይ ስለዝቖጽሮ ብሃገራዊ ከድዓት ይውንጅሎ። ስለዚ ንሰብኣዊ መሰሉን ንታሪኻዊ ኣበርከትኡን ኣኽቢሩ ናይ ሓዘን መግለጺ ክጉብር ኣይሕሰብን እዩ ምኽንያቱ ምልካዊ ስነ ሕሳብ ሰይጣናዊ ባህርያት ስለዘትሕዞም ከኣ፡ እቲ ሰብኣውን ሕልናውን መንፈሶም ክጥፍኡ ስለዝግደድ እዩ።

ናብ ታሪኽ ቓልሱ ክምለስ፡ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣድሓኖም ከም ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ 1972 ካብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ናይ ሕጊ ትምህርቱ ኣቋሪጹ ምስ ካልኦት 11 መሁራት ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ተጸንቢሩ። ኣነ ክሰለፍ ኮለኹ (**ሰልፊ**

**ናጽነት)** እቲ 1ይ ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ዝጽዋዕ ዝነበረ - 4 - ሓይልታት ጥራይ ጸኒሑና። ሓንቲ ሓይሊ ብአቐዉምኣ እታ ዝበዝሔት 80 ሰብ ነይሩዋ። ንሕና ከአ 80 ሓደስቲ መንእሰያት ስለዝተሰለፍና ናብ ሓይልታት ምስተመደብና እቲ ዓቕሚ ሰብና ማዕረ ሓደ ሓይሊ ነይርና። ስለዚ ኣብ መፋርቕ 1973 - መተካእታና ሓንቲ ሓዳስ ሓሙሽይቲ ሓይሊ ቖይማ። ኣምባሳደር ኣድሓኖም እዉን ከም ኮሚሽነር ናይታ ሓይሊ ተመዲቡ ካሳብ መፋርቕ 1975 ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ ጽፍሒ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ነይሩ።

ኣብ ወርሒ 05/ 1975 ካሳብ መፋርቕ 1977 ቅርጺ ሰራዊት ናብ ቦጦሎኒ ምስደየበ ከአ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ከም ኮሚሽነር ቦጦሎኒ ሓደ ተመዲቡ ኣብ ድርፎን ከባቢኡን ይንቐሳቐሱ ነይሮም። ኣብዚ ናይ ኣስታት ክልተ ዓመት ግዜ ግና ምስ ድሕሪ ባይትኡ ከእለቱን ምስ ዝጸንሐ ሓላፍነትን ዝመጣጠን ዕብየት ኣይተዋህቦን። እቲ ቐንዲ ምኽንያት ከአ ኣባል **ሚስጥራዊ ሰልፊ** ስለዘይነበረ እዩ። ብናይ ሚስጥራዊ ሰልፊ መምዘኒ " ዝንቡል" ተባሂልካ እንተመዚንካ ንበሱ ዝኽኣለ ጸገማት ይፈጥረልካ። እንታይ እዩ ዝምባሌኻ ስለዘይሕበረካ ከአ ክትቕበሎ ክትእረም ወይ ከአ ንመሰልካ ተኸራኺርካ ክተእምን ብግሉጽነት ዕድል ኣይወሃንበካን እዩ።


ስለዚ፡ ካብ 23 – 31/ January/ 1977 ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ምስተኻየደ ከአ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ብዉሑዱ ኣባል ማእከላይ ሽማግለ ክኸውን ኣይተደለየን። እቶም ትሕቲኡ ወይ መዘንኡ ዝነበሩ ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ግና ኣባላት ሰልፊ ስለነበሩ ገሊኦም ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት፡ ገሊኦም ማእከላይ ሽማግለ ተመሪጾም። ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ዘይበጽሑ ካልኦት ዉሑዳት ዝተበደሉ መሁራት እዉን ከምዝነበሩ ምጥቃሱ ግቡእ እዩ ።

ኣብ ወርሒ 05/ 1977 - ቅርጺ ሰራዊት ናብ ብሪጌድ ምስተቐየረ ከአ፡ ሽዑ እዉን ናይ ሓላፍነት ዕብየት ከይተዋህቦ ኣብ ዝነበሮ ጽፍሒ ጥራይ ተሓጺሩ ኣብ ብሪጌድ 44 – ከም ኮሚሽነር 1ይ ቦጦሎኒ ተመዲቡ። ኣብ 1977 ኣብ ግንባር ድግድግታ ዝነበረ ምርብራብ ከአ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ኣብቲ ግንባር ዝነበራ 7- ሓይልታት ኣወሃሂዱ ነቲ ኩናት መሪሑ ከአ ወትሃደራዊ ብቕዓቱ ዘመስከረሉ ህቡብነት ዘጥረየሉ ግዜ ነይሩ። ኣብ 1978 ጊንዳዕ ካሳብ ነፋሲት ከባቢ 16 ኪ.ሜ. ከባቢ ኣስመራ ዓሪድና ኣብ ንረባረበሉ ዝነበርና እዋን ከአ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ዕብየት ወሲኹ ከም ኮሚሽነር ብሪጌድ 23 ተመዲቡ ሰሪሑ ካሳብ 1983 .

ኣብ ጥሪ/ 1983 - ካብ መራሕቲ ሓይልታት ካሳብ መራሕቲ ብሪጌዳት ዝነበሩ ናይ ሙሉእ ውድብ ሓለፍቲ ምቕይያር ስለዝተገብረ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ከም ኮሚሽነር ብርጌድ 77 ኮይኑ ተመዲቡ ነይሩ። ምኽንያቱ ብልክዕ ኣይፈልጦን ግና ነዊሕ ከይጸንሐ ናብ ክፍሊ ንግዲ ተመዲቡ ዝተወሰነ እዋን ሰሪሑ። ኣብ 1984 ከም ናይ ክፍለ ሰራዊት 85 ኮሚሽነር ኮይኑ ተመዲቡ። ኣብ ወርሒ 07/ 1987 ከአ ከም ኮሚሽነር ክፍለ ሰራዊት ተመዲቡ ናብ 61 ተቐይሩ።

ሓርበኛ ኣድሓኖም፡ ድሕሪ ናጽነት ብሃገር ደረጃ ናይ መጀመርያ ኣኽባር ሕጊ ኮይኑ ተመዲቡ። መኣስ'ዩ ተመዲቡ ግዚኡ ብልክዕ ኣይፈልጦን ኣብ 1993 ግና ከም ኣምሓዳሪ ኣውራጃ ሰራየ ከምዝነበረ ይዝከረኒ። ግዚኡ ብልክዕ ዘይፈልጦ ብድሕሪኡ ናብ ወጻኢ ጉዳያት ተሳሒቡ  ከም ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ናይጀርያ ነይሩ። ቐጺሉ ከም ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ሽወደን ተመዲቡ ሰሪሑ። ሓርበኛ ኣማባሳደር ኣድሓኖም ሓደ ካብ ዝዓበየ ታሪኻዊ ኣበርክትኡ ዘየወላውል ጽኑዕ መትከላዊ መርገጺ ከምዝነበሮ ዝምስክር ኣባል ጉጅለ 15 ምንባሩ እዩ። ምኽንያቱ ካብ 150 ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብሓፈሻ፡ ካብኦም ከአ እቶም 75 ኣባላት ማእከላይ ሽማግለ ህዝባዊ ግንባር ብፍላይ፡ ሓርበኛ ኣድሓኖም ዝርከቦም ጉጅለ 15 - ካብ 1999 – 2001 ዝነበረ ግዜ ንዕንደራን ዲክታተርያዊ ምምሕዳርን ኢሰያስን ብሕትዉና ህግደፍን ብቕዋም ፖለቲካዊ ፍልልይ ፈጢሮም። ጠለባቶም ከአ ደሞክራስያውን ሕጋውን ነይሩ ዘብሎ ቐንዲ ምኽንያታት ከአ፡ እቲ ኣባላት 1997 እቲ ብ - 518 ኣባላት ቕዋማዊ ባይቶ ዝጸደቐ ሃገራዊ ቕዋም ከእወጅ ጠሊቦም። ብዝሒ ሰልፍታት ከምስረታ ሃገራዊ ህዝባዊ ምርጫ ከካየድ፡ ደሞክራስያዊ ምምሕዳር ክሰፍሕ፡ ተሓታትነት ዘለዎ ትካላዊ ኣሰራርሓ ክትኣታቶ ---- ወዘተ ዝብል ጠለባት ነይሩዎም። ኢሰያስን ህግደፍን ግና ናይ ጀነራላት ሚኒስተራትን ኣምባሳደራትን ዝነበሩ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ሕጋውን ደሞክራስያውን ጠለባት ተቐቢሎም ፖለቲካዊ ጸገና ክገብሩ ድሉዋት ኣይነበሩን። ምኽንያቱ ስልጣኖም ክግደብ ናይ ኩናት ኢትዮ ኤርትራ ተሓተቲ ክኾኑ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን።

ሓርበኛ ኣድሓኖም ከአ ብኣጋጣሚ ኣብማባሳደር ኤርትራ ኣብ ሃገረ ሽወደን ስለዝነበረ፡ ኣብ 18/ መስከረም/ 2001 እቶም ካልኦት ከእሰሩ ኮለዉ ንሱ ንዝረኸቦ ዕድል ተጠቒሙ ምስ ስርዓት ኤርትራ ተፋቲሑ። ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ተሰሊፉ ከአ



ንዳግማይ ሓርነት ከቓለስ ወሲኑ። ሓርበኝ ኣድሓኖም ዓብየ ኣብ ቓልሲ ደኺመ ኣይበለን። ሂወቱ ከሰርዕ ኣብ ስደት መንበሪ ወረቐት ከሕዝ ናብ ስራሕ ዓለም ክሳተፍ ኣቓልቦ ኣይገበረን። ንሱ ንዝተቓለሰሉ ዕላማ ከዕወት፡ ናይ ዝዝተገኣስሩ ላዕለዎት ሰበ ስልጣናት ሕድሪ ኣኸቢሩ ሓርነታዊ ቓልሲ ከቕጽል ብትብዓት ወሲኑ። ውድብ መሪሑ ምስ ብጾቱ ኮይኑ ከይተሓለለ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ጻዕሪ ከካይድ ፈቲኑ። ብሓደ ወገን ንእዕናዊ ወትሃደራዊ ትካል፡ ፖለቲካውን ኢኮኖምያውን ዘይቕኑዕ ፖሊሲ ኢሰያስን ህግደፍን ንምቕላዕ፡ በቲ ካልእ መዳዩ ከኣ ንመሰል ተጋደልትን ንመሰል ሓዲሽ ወለዶ መንእሰይ ኤርትራን ዝሙጉት፡ " ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነትዩ" ብዝብል ኣርእስቲ ብዉሑዱ 9 - ከፋላት ዘለዎ ሰፊሕን መሃርን ጽሑፋት ከምዝዘርግሔ ዝምስከረሉ እዩ። መንእሰይ ወለዶ ከአ ካብ ናይ ሓርበኛ ኣድሓኖም ጽሑፍ ብዙሕ ከመሃርን ከፈልጥን ስለዝግባእ ኣብ ኣርካይቭ ናይ መራኸቢ ብዙሃን ኣብ ብዙሕ ውብሳይት ስለዘሎ ደጊምኩም ከተንብቡዎ ብክብሪ ይዕድመኩም።

ኣብ መዛዘሚ ጽሑፈይ፡ ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ኣብ ዲያስፖራ ዘካይዶ ዝነበረ ዘይሕለል ቓልሲ ከአ፡ እቶም ብግብሪ ናይ ቐረባ መቓልስቱ ዝነበሩ ታሪኽ ሓርበኝነቱ ከገልጹ ሓላፍነታዊ ከምዝገብሮ ስለዝኣምን ከስግሮ እየ። ሓርበኛ ኣይነብርንዩ ታሪኹ'ዩ ዝውረስ እሞ፡ ሓርበኛ ኣምባሳደር ኣድሓኖም ነባሪ ታሪኽ ገዲፉ ስለዝሓለፈ ብሰላም ዕረፍ!! ደጊመ ኣድሓኖም መንግስተ ሰማይ ይቐበሎ ንስድራ ቤቱ ፈተውቱ ከአ ጽንዓት ይሃኩም ይሃብና ክብል ዓቢ ክብሪ ይስምዓኒ። የቐንየለይ!!

ካብ ብሪጋደር ጀነራል - ተኸስተ - ሃይለ።

ሃገረ ሽወደን፡ ዕለት 21/ February/ 2021

Source:
https://www.facebook.com/tekeste.haile.92/posts/424654098807628
accessed on: 23 Feb 2021